# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ዓመታዊ ዕረፍቲ ምስ ኣደ-ዓባይ

Skriven av: Violet Otieno
Illustrerad av: Catherine Groenewald
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/4.0/deed.sv

# ዓመታዊ ዕረፍቲ ምስ ኣደ-ዓባይ

Violet Otieno
Catherine Groenewald
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 4

(utan bilder)

ኦዶንጎን ኣፒዮን ምስ ኣቦኦም ኣብ ከተማ ይነብሩ ነበሩ። ዓመታዊ ዕረፍቶም ብሃንቀውታ ይጽበዩ ነበሩ። ትምህርቲ ስለዝዕጾ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናብ ዓባዮም ክበጽሑ ክኸዱ ስለዝኾኑ እምበር። ዓባዮም ኣብ ጥቓ ሓደ ዓቢ ቀላይ ዝርከብ ዓዲ ገፈፍቲ ዓሳ እያ ትቕመጥ ዝነበረት።

ዳግም ንዓባዮም ዝበጽሑሉ ግዜ ስለዝኣኸለ ኦዶንጎን ኣፒዮን ኣዝዮም ተሃወኹ። ድሮ'ታ ዕለት ዘነበረት ምሸት፡ ሳንጣኦም ጠርኒፎም ናብቲ ዓዲ ነዊሕ ንኽጓዓዙ ተዳለዉ። ክድቅሱ ኣይክኣሉን ምሉእ ምሸት ድማ ብዛዕባ እቲ ዓመታዊ ዕረፍቲ ክዛረቡ ኣምሰዩ።

ንጽባሒቱ ጋሕጋሕ ንግሆ፡ ኣብ ናይ ኣቦኦም ማኪና ተሳፊሮም ናብቲ ዓዲ ተበገሱ። ጎቦታት፡ እንስሳታት ዘገዳምን ሕርሻታት ቆጽሊ ሻሂን ሓሊፎም ተሓንበቡ። ማካይን ቈጸሩ ደርፍታት ድማ ደረፉ።



ኦዶንጎን ኣፒዮን ናብ ቤት ትምህርቶም ምስተመልሱ ንኣዕሩኽቶም ብዛዕባ ናይ ገጠር ሂወት ኣዕለልዎም። ገለ ተማሃሮ ሂወት ከተማ ዝጽብቕ መሰሎም። ካልኦት ገጠር ዝሓይሽ ኮይኑ ተሰምዖም። ካብ ኩሉ ግን፡ ንኦዶንጎን ኣፒዮን ብልጽቲ ኣደ-ዓባይ ከምዘላቶም ኩሎም ተሰማምዑ!

ኦዶንጎን ኣፒዮን ጥምጥም ኣቢሎም ሓቜፍዋ ደሓን ኩኒ ድማ በልዋ።



ድሕሪ ሓጺር ግዜ፡ እቶም ቆልዑ ደኸሙ ድቃስ እውን ወሰዶም።

ኣብቲ ዓዲ ምስበጽሑ ኣቦኦም ንኦዶንጎን ኣፒዮን ኣተንሶኦም። ንዓባዮም ንያር ካንያዳ ኣብ ትሕቲ ገረብ ኣብ መንጸፍ ኣዕሪፋ ረኺብዋ። ንያር ካንያዳ ብቋንቋ ሉዎ ‘ጓል ህዝቢ ካንያዳ’ ማለት እዩ። ንሳ ንፍዕትን ጽብቕትን ሰበይቲ እያ ዝነበረት።



ኣቦኦም ክወስዶም ምስመጸ ክሰናበቱ ኣይደለዩን። እቶም ቈልዑ ንንያር ካንያዳ ምስኦም ናብ ከተማ ክትከይድ ለመንዋ። ፍሽኽ ብምባል፡ “ኣነ ኣዝየ ኣሪገ እየ፡ ናብራ ከተማ ኣይክእሎን እየ። እንደገና ናብዚ ክትመጹ ክጽበየኩም እየ።” በለቶም።

ግዜ ከይተፈለጦም ዓመታዊ ዕረፍቶም ስለዝተወደአ እቶም ቆልዑ ናብ ከተማ ክምለሱ ኔርዎም። ንያር ካንያዳ ንኦዶንጎ ቆብዕ ንኣፒዮ ድማ ጐልፎ ሃበቶም። ንመንገዶም ዝኸውን መግቢ ድማ ቈጸረትሎም።



ንያር ካንያዳ ናብቲ ቤት ብሓኈስ ተቐበለቶም ኣብ ዙርያ ናይቲ ክፍሊ ድማ ብደስታ እናደረፈት ሳዕስዐት። ደቂ ደቃ ካብ ከተማ ዘምጽእዎ ህያባት ክህብዋ ተሃወኹ። “መጀመርታ ናተይ ህያብ ክፈትያ፡” በለ ኦዶንጎ። “ኣይፋል፡ ናተይ ቅድም!” በለት ኣፒዮ።

ነቲ ህያባት ምስከፈተቶ፡ ንያር ካንያዳ ንደቂ ደቃ ብባህላዊ ልምዲ መረቖቶም።



ኣማስይኡ ብሓባር ሻሂ ሰተዩ። ነቲ ዘእተወቶ ገንዘብ ኣብ ምፍቃድ ንዓባዮም ሓገዝዋ።

ካልእ መዓልቲ እዞም ቈልዑ ምስ ንያር ካንያዳ ናብ ዕዳጋ ከዱ። ዓባዮም ኣሕምልቲ፡ ሽኮርን ሳሙናን እትሸጠላ ንእሽቶ ድኳን ነበረታ። ኣፒዮ ዋጋ ናይቲ ነገራት ንዓማዊል ምንጋር ትፈቱ ነበረት። ኦዶንጎ ድማ ነቲ ዓማዊል ዝገዝእዎ ነገራት ይዕሽግ ነበረ።



ሻቡ ኦዶንጎን ኣፒዮን ናብ ግዳም ወጹ። ደድሕሪ ጽንብላሊዕን ኣዕዋፍን ተጓየዩ።

ኣግራብ ደየቡ ኣብቲ ቀላይ ድማ ተገጫጨቡ።



ሓደ ንግሆ፡ ኦዶንጎ ናይ ዓባዩ ከብቲ ሳዕሪ ክበልዓ ሒዝወን ከደ። እተን ከብቲ ናብ ናይ ጐረቤት ሕርሻ ጥሒሰን ኣተዋ። እቲ ሓረስታይ ንኦዶንጎ ኲረየሉ። ዘራእቱ ስለዝበልዓሉ ነተን ከብቲ ክዘርዐን ምኳኑ ፈከረሉ። ድሕሪ’ታ መዓልቲ፡ ኦዶንጎ ዳግማይ ናብ ሽግር ከየእትወኦ ብምፍራሕ ነተን ከብቲ ተጠንቂቑ ክሕልወን ጀመረ።

ንያር ካንያዳ ንደቂ ደቃ ልስሉስ ጋዓት ከመይ ኣሸሊቑካ ከምዝስራሕ መሃረቶም። ሩዝ ኮኮናት ምስ ቅልዋ ዓሳ ከመይ ጌርካ ከምዝስራሕ ኣርኣየቶም።



ምስመሰየ ንኽድረሩ ናብቲ ገዛ ተመልሱ። ቅድሚ ድራሮም በሊዖም ምውዳኦም፡ ድቃስ ሰዓሮም!

ንጽባሒቱ፡ ኣቦ’ዞም ቈልዑ ንዓኣቶም ምስ ንያር ካንያዳ ገዲፉዎም ናብቲ ከተማ ተመልሰ።



ኦዶንጎን ኣፒዮን ንዓባዮም ኣብ ስራሕ ገዛ ሓገዝዋ። ማይን ዕንጸይቲ ንሓውን ኣምጽኡላ። ካብተን ደርሁ እንቋቍሖታት ኣከቡ ካብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ድማ ኣሕምልቲ ቀንጢቦም ኣምጽኡ።